# ርሑስ መዓልቲ ቱሪዝም!

## መልእኽቲ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ብኣጋጣሚ

## ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም 2025



ንሰሙን መመላእታ፡ ብሃገር ደረጃ፡ ብምውህሃድ ኣካላት መንግስትን ዝተፈላለያ ማሕበራትን ኣብ ኩለን ዞባታት ዝሰላሰል ዘሎ ቅነ-ቱሪዝም ብዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ክብዓል ቀንዩ'ሎ። ዓመት መጸ መዓልቲ ቱሪዝም ከነብዕል እንከለና ንስለ በዓል ዘይኮነ፡ ትግባረ ዝተወጠኑ መደባትና እንግምግመሉን መጻኢ መደባትና እንቕይሰሉን ኣጋጣሚ ስለ ዝኾነ እዩ። ጽላት ቱሪዝም፡ ኣብ ቍጠባ ሃገርና - ማለት ኣብ ጃምላ ዘቤታዊ እቶት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቢ፡ ሓደ ካብቶም ዕዙዝ ተራኦም ዝጻወቱ ዘለዉ ጽላታት ኮይኑ፡ ንመጻኢ እውን ብመጠን ዘመዝግቦ ገስጋስ፡ ኣብ ቍጠባ ሃገር ዝህልዎ እጃም እናዓዘዘ ክኸይድ ናይ ወትሩ ራእይና እዩ።



ኣብ ርእሲ'ቲ ቁጠባዊ ረብሓኡ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት፡ ባህላዊ ውህደትን ሓድሕድ ምርድዳእን ክሰፍን ዘኽእል ባይታ እውን እዩ። ክጥቀሱ ዝጸንሑ ረብሓታት ናይ ጽላት ቱሪዝም ብዘላቕነት ንምምዝማዝ፡ ዕቱብ ምሕደራን ግቡእ ኣልያን ዘድልዮም ጉዳያት ኣለዉ። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፡-

1. ጽላት ቱሪዝም ኣብ ባህርያውን ባህላውን ጸጋታት ከወርዶ ዝኽእል ሓደጋታት፡

2. ባህርያውን ሰብ-ሰርሑን ሓደጋታት ኣብ ጽላት ቱሪዝም ከስዕብዎ ዝኽእሉ ሳዕቤናት፡

3. ምስ በጻሕቲ ዝመጽኡ ክብርታትን ልምድታትን ሕብረተሰብ ክብርዙ ዝኽእሉ ነውርታት፡

4. ክሊማዊ ለውጢን ሳዕቤናቱን፡

5. ዓውለማን ብከላ ባህልን ...ወዘተ ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ሃገርና፡ ዘላቒ ለውጢ ከረጋግጽ እንተኾይኑ፡ ነዞም ዝተጠቐሱ ብድሆታት ከሎ-ገና፡ ዕቱብ ምሕደራን ግቡእ ኣልያን ክግበረሎም ግድነት ይኸውን።



“ቱሪዝም ንዘላቒ ለውጢ” ዝብል ናይዚ ዓመት ቴማ፡ ኩለንትናዊ ምዕባለ ብዘላቕነት ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ዕዮ፡ ጽላት ቱሪዝም ዘለዎ ደራኽነት ንምጉላሕ ዝዓለመ እዩ። ምርግጋጽ ዘላቒ ልምዓትን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝብሉ ኣምራት ንህዝቢን መንግስትን ኤርትራ ሓደሽቲ ምህዞታት ኣይኮኑን። ማሕበራዊ ፍትሒን፡ ማዕርነትን ዝኣመሰሉ ኣምራት ዘላቒ ምዕባለ፡ ኣብቲ መሪር እዋን ቃልሲ ከይተረፈ ብግብሪ ዝሰራሕናሎም፡ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘዐወቱን፡ ልምዓት ዘሳለዩን ናይ ወትሩ መትከላት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ እዮም። ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ፡ ጽላት ቱሪዝም፡ ውሑስን ሓላፍነታውን፡ ረብሓ ወሎዶታት ኣብ ግምት ዘእተወን ክኸውን ከም ዘለዎ ብንጹር ኣስፊሩዎ ኣሎ። እዚ ድማ ጸጋታትናን ውርሻታትናን ናይ ወለዶታት ሃብቲን ውርሻን ስለ ዝኾኑ፡ ብመንጽር ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ኣከባብያውን መዳያት፡ ረብሓ ህሉውን መጻኢን ወለዶታት ብዘውሕስ ጥንቁቕን ሓላፍነታውን ኣገባብ ክንጥቀመሎም ዘማእዝን እዩ። ባሕርናን ኣከባቢናን ከይብከል፡ ኣብኡ ዝሕቆፍ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ከይጉዳእ፡ ምክትታልን ግብራዊ ስጉምቲ ምውሳድን ድማ ኣካል ጽላታዊ ፖሊሲና ብምዃኑ፡ ኩሎም ኣብዚ ጽላት ዝካየዱ ወፍርታትን ንጥፈታትን በዚ መምርሒ ክቕየዱ ይግባእ። “ቱሪዝም ንዘላቒ ለውጢ” ዝብል

*ቴማ እምብኣር፡ ከም ማሕበረሰብ ቱሪዝም ሃገርና፡ ኲሉ መደባትናን ንጥፈታትናን፡ ዘላቒ ምዕባለ ናይዚ ጽላት ንምርግጋጽ ክኸውን ከም ዝግባእ ዘዘኻኽር ቴማ እዩ።*



*ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝጥቀስ፡ ዘይተመዝመዘ ብርኩት ቱሪዝማዊ ጸጋታት ሃገርና ናይ ምድህሳስ፡ ምዕቃብን ዘላቕነቱ ናይ ምርግጋጽን ዕማም ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ዘይኮነ፡ ናይ ነፍሲወከፍ ዜጋ ሓላፍነት እዩ። ምዕቃብ ባህርያውን ባህላውን ውርሻታትና ኣብ ምስራጽ ሃገራዊ መንነትን ህንጻትን ዝህልዎ ተራ ተገንዚብና፡ ውርሻታት ሃገር፡ ሓላፍነት ወሲድና ብዝግባእ ናይ ምሕላውን ምዕቃብን፡ ናብ ዝቕጽል ወለዶ ናይ ምስግጋርን ግዴታ ኣሎና። ነዚ ብምግንዛብ ነፍሲወከፍ ዜጋ፡ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ሃገሩ ክድህስስን ክበጽሕን፡ ኣብ ምዕቃቦም ብሓላፍነት ክዋሳእን ግቡእ እዩ። ምዝካር ናይዛ ዕለት እምብኣር፡ ኣብ ጽላት ቱሪዝም እንነጥፍ ትካላት መንግስትን ናይ ብሕቲ ኣውፈርትን ብውህደት ምስ ስትራተጂ ሃገራዊ ልምዓት ብምውህሃድ ልዑል ጻዕሪ ንምግባር መብጸዓና እነሐድሰላ፡ ኣብ ዝቕጽል ሓጺር ግዜ፡ ጸጋታትና ኣኻሳኺስና ኣብ ምሕያል ቁጠባ ሃገር፡ ምፍጣር ዕድላት ሸቕለትን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብን ኣበርክቶና ከነዕዝዝ ቃል እንኣትወላ ዕለት እያ።*



***ዛጊት ዝተቐስመ ምህሮን ዝተሳለጠ ዕዮን ምርኩስ ብምግባር፡ ዝተረፈና ንምዕማም፡ ዘሎና ዕቑር ጸጋታት ኣጎሳጕስና፡ ምስ መሻርኽቲ እናተወሃሃድና፡ መደባትና ኣወርጺጽና፡ ውዳበታትና እናደራዕና፡ ንዝበረኸ ውጽኢት ብዘይ ምሕላል ምዕያይ ብኣጋጣሚ ናይዛ ዕለት እንኣትዎ መብጽዓ ክኸውን እዩ። በዚ መሰረት፡ ኩሎም ኣብ እንግዶት ቱሪዝም ዝነጥፉ ኣውፈርቲ፡ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን በዚ ጽላት ንዝፍጠሩ ዕድላት ብምልኣት ክምዝምዙን ኣብ ቍጠባ ሃገር እጃሞም ከበርክቱን እንተኾይኖም፡ መሃዝነቶም ብዝልዓለ ኣሐይሎም፡ ዕግበት በጻሕቲ ንምርግጋጽ ከም ወትሩ ብሓላፍነት ክሰርሑ፡ ኣገዳስነት ዘላቒ ምዕባለ ቱሪዝምን ሃገርን ብምግንዛብ ብትግሃትን ንቕሓትን ክነጥፉ፡ ሚኒስትሪ ቱሪዝም በዚ ኣጋጣሚ ይላቦ።***

***"ርሑስ መዓልቲ ቱሪዝም!"***

***ቱሪዝም ንዘላቒ ለውጢ!***

***ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!***

***ዓወት ንሓፋሽ!***

***ሚኒስትሪ ቱሪዝም መስከረም*** 2025